# ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ
# ኣብ ከተማ ሚላኖ ብዓወት ተዛዚሙ

ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ "መኸተ ድርዕና - ስራሕ ክብረትና" ኣብ ትሕቲ መሪሕ ቴማ፡ ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር ንዲሞክራስን ፍትሕን ክቡር ኣቶ ሓጎስ ገብሪሂወትን ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ዘመደ ተኸለን ተጸዊዕቲ ኩለን ሃገራውያን ማሕበራትን ብርኸት ዝበሉ ተቐመጥቲ ዝተፈላለያ ከተማታት ኢጣልያ ዝኾኑ ኤርትራውያን ዜጋታት ኣብ ዝተረኽብሉ ብዓርቢ ዕለት 05 ሓምለ ኣብ ከተማ ሚላኖ ብውዕውዕ ሃገራዊ መንፈስን ሓያል ናይ መኸተ ስምዒትን ኣንጸባሪቁ ብውግዒ ተከፈቱ።

ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ፈስቲቫል ሓርበኛታት ኣዴታት ሃገራውን ባህልውን ልብሰን ስልማተንን ወቺበን፡ ኣቦታትን መንእሰያትን ህጻናት ተረኽብቲ ሕድርን ብሓባር ባንዴራ ኤርትራ እናበልበሉን ንክቡር ኣቶ ሓጎስ ገብሪሂወትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኸለን ድሕሪ ምቅባሎም፡ ኣቦ ወንበር ኣዋሃሃዲት ሽማግለ ፈስቲቫል ኣቶ ሚኪኤል ኢሳቕ ንዕላምን ታሪኽን ፈስቲቫል ኤርትራ መግለጺ ድሕሪ ምቅራቡ ኣቶ ሓጎስ ገብሪሂወት ነቲ ፈስቲቫል ብወግዒ ከፊትዎ።

ኣቶ ሓጎስ ገብሪሂወት ነቲ ብኤርትራዊ ኣርቲስት ሱሌማን ዓብደላ ብኣፉ ንዘዳለዎ ብርክት ዝበለ ናይ ቅብኣን ስእልታትን ከምኡ'ውን ብኮሚቴ መዲያ ኢጣልያ ዝተዳለወ ናይ እዋን ሰውራ ንታሪክን ሓያል ተራን ቃልስን ሓፋሽ ውድባትን ተወፋይነትን ንጥፈታትን ዘንጸባርቕ ብርኸት ዝበለ ናይ ስእሊ ኢግዚቪሽን እናዘረ ተዓዚቡን ንሞያውያን ኣመስጊኑን ኣተባቢዑን።

ኣብ ኢጣልያ ተወሊዶም ዝዓብዩ ዘለውን ኣብዚ ዓመትዚ ኣብ ማሕበረ-ኮም ሚላኖ ናይ ቋንቋ ኣደ ትምህርቲ ክከታተሉ ዝጸንሑ ህጻናት ተረኽብቲ ሕድርን መእሰያትን ብሓባር ኣብ መደርኽ ደይቦም ብሃገራዊ መዝሙር ነቲ መደብ ከፊተሞ። ኣቶ ሓጎስ ገብሪሂወት ብኣምባሳደር ዘመደ ተኸለ ተሰንዩ ንክብሪ እቲ ፈስቲቫል ተባሂሉ ንዝተዳለወ ቶርታ ድሕሪ ምቑራሱ ኣብ ቁሸት ሚላኖ ብሃማደኤ ጨንፈር ሚላኖ ንዝተዳለወሉ ናይ ቡን እንግዶት ተኻይድሉ።

ቀዳም ዕለት 06 ሓምለ ክቡር ኣቶ ሓጉስ ገብሪሂወት ካብ ዝተፈላለያ ከተማታት ኢጣልያ ንፈስቲቫል ዝተኣኻከቡ ብርኽት ዝበሉ ኤርትራውያን ንህልው ኩነታትን ምዕባለታትን ሃገርና

1. ምህናጽ ሃገርን ብድሆታቱን፡
2.. ልምዓትን ውጽኢቱን፡
3. ተጻብኦታትን ሓያል መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን
ኣመልኪቱ ሰፊሕ ሰሚናር ኣካይዱ።

ኣቶ ሓጎስ፡ ኤርትራ ናይ ዕድላትን መሰላትን ማዕርነት ዝሕለወላ ሃገር፡ ግዴትኡን ሓላፍነቱን ዘልዕል ዜጋ ዝህነጸላ ሃገር፡ ብቐጻሊ ልምዓታዊ ትግሃትን ስራሕን እንዳወቀበት እትኸይድ ሃገር፡ ብኣጠቓላሊ ከኣ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝነግሰላ መሬት ክትከውን መንግስትን ግንባርን ምስ ምሉእ ደገፍ ህዝቢ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብዘይዕረፍትን ምሕላልን ይሰርሑ ምህላዎም፡ ከም ውጽኢቱ ከኣ ሳላ ጽንዓትናን ተጻዋርነትናን ኣብ ኩሉ ዓውድታት ጻላእቲ'ውን ክኽሕድዎ ዘይክእሉ ገስጋስ ይምዝገብ ብምሕባር፡ ተጻባእቲ ለይትን መዓልትን ውዲታት ክፍሕሱ ይው ዕሉን ይሓድሩን'ኳ እንተሃለው ግስጋስ ኤርትራ ግን ከዓግቱ ከምዘይከኣሉ ኣስሚርሉ።
ዓስዒቡ ኣቶ ሓጎስ ቁጠባዊ መደባትን ብድሆታትን ብዝምልከት

- ንሓዋሩ መሰረታዊ ፍታሕ ዝህብ ሕጂ ዝትግበር ዘሎ ዓበይቲ ፕሮጀክታት ከምዝዕወት ምግባር፡

ናይ ኤርትራን ናይቶም ኣብ ምህናጽ ሃገር ናይ ዝተዓወቱ ተመክሮ ዘረጋግጸ ሓቂ ምዕባለ ሎሚ ግቡእ ወፍሪ ብምክያድ ንጽቡቕ ናይ ጽባሕን መጻኢ ወለዶታት ምስራሕን ምኻኑ፡ ብብደረጃ ዘተኣማምንን ቀጻልነት ዘለዎን ቁጠባዊ ምዕባለ ምምጻእ፡ ናይ ህዝቢ እቶት

ከምዝዓቢ ብምግባር፡ ምምሕያሽ መነባብሮ ምምጻእ ካብ ሃገራዊ ጸጋታት ተኻፈልቲ ከምዝኾኑ ምግባር፡ ማሕበራዊ ውሕስነትን ሃገራዊ ዓቕሚን ብኩሉ ሸነኻቱ ምርግጋጽ፡ ገለ ካብ ቀዳ መድረኻዊ ፕሮግራማት

- ውሕስነት መግብን መኣዛታቱን ጽሩይ ዝስተ ማይን
- ኣገልግሎት ጥዕናን ትምህርትን
- መንበሪ ኣባይትን ኣገልግሎት ኤሌክትሪሲቲን ዝርግሐ ትሕተ ቅርጽታትን
- ኣብ ዕደና ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታትን ውጽኢቱን ኣመልኪቱ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ሂቡ።

ንተጻብኦታት ኣመልኪቱ መጀመርታ ብወተሃደራዊ ድሓር ከኣ ብቁጠባዊ መገዲ ንምምብርካኽና ዝተገብረ ፈተነ ኣይተዓወተን ጥራይ ዘይኮነ ከም ሃገር እንዳሓየልና ስለዝመጻና፡ ብፖለቲካዊን ዲፕሎማስያዊን ቁጠባዊ ሽርሒታት ንምድኻምና ዘይተፈተ የለን፡ ዘይገበርዎ ናይ ጠቐነ ዘመተ ከኣ የለን። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሓቀኛ ሳላም እንተዝድለ እቲ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ ብሕጋዊ መገዲ ዝተወድኤ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከምዝትግበር ምግባር ምኻኑ ኣስሚርሉ።

ኣብ መወዳእታ ንልምዓትን መኸተን ብዝምልከት

- ኣብ ተሳታፍነት ኩሉ ዜጋ ዝተመስረተ ናይ ምልማዕን ምክልኻልን ሃገር ፖሊሲ፡
- መኸተና ብዘይምዝናይ ክቕጽልን ኣብ ውጽጥን ወጻእን ዝርከብ ህዝብና ከኣ ኤርትራ ብኹሉ ሸነኻት ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊን ካልእ ዓውድታትን ንምሕያል ከምዝሰርሐ ዝሓለፈ ታሪኩ ምስክር ምኻኑ፡ ካብ ናይ ልምዓት ናይ ሃገርና ምህናጽ መደባትና ኣይንእለን፡ ተጻብኦ ስለዘየቋረጸ ግን መኸተና ቀጻሊ ምኻኑ፡
- ቀንዲ ዕላማና ኣብ ምህናጽ ሃገር፡ ነቲ ህሉው ምዕቃብን ምክልኻልን፡ ንመጻኢ ከኣ መንነትናን ናጽነትናን ንምውሓስን ስለዝኾነ፡ ኩሉ ናይ ተጻባእትና ዕላማ ከኣ ሓያል ነጻ ሃገርን መንግስትን ንኸይንሃንጽ ምዕንቃፍን ምኻኑ ብምንጻር፡ ዓቕልን ምጽማምን፡ ዘይሕለል ጻዕርን ፍርያምነትን፡ ዕጥቅን መኸተን እንተሎ ግን ኣብ ዕላምና ከምንበጽሕ ዘጠራጥር ከምዘየለ ዳጊሙ ኣስሚርሉ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ሓጎስ ገብሪሂወት ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረበሉ ብርኽት ዝበለ ሕቶታት ዘዕግብ መልሲ ሂብሉ። ተሳተፍቲ ብወገኖም ንዝተዋህቦም ሰፊሕ መግለጺ ብምምጓስ መኸትኦም ኣሕይሎም ኣንጻር ኩሉ ዓይነት ተጻብኦታት ሓድነቶም ኣትሪሮም ኣብ ጎኒ መንግስቶም ኮይኖም መኸትኦም ዳግም ከሕይሉ ምኻኖም ቃሎም ብምሕዳስ ብሓደ ድምጺ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞም እዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ኣሕሊፎም።

1. ንሕና ኤርትራውያን 2% ብወለንታናን ብድሌትናን ድኣምበር፡ ከምቲ ዝብልዎ ተገዲድና ንኸፍሎ ከምዘይኾነ፡ ምኽፋል 2% ንዓና ምስ ሃገርና ንዘሎና ቅለቢት ጥቡቕ ምትእስሳሪ መግለጺ ስለዝኾነ ሕጂ እውን ብወለንታና ክንቕጽሎ ምኻና ነረጋግጽ፡
2. ሓደ ክንሱ መልክኡን ሕብሩን እናተቐያየረ ኣንጻር ኤርትራን ህዝባን ዝቐንዐ ዝካየድ ዘሎ ሽርሒታትን ውዲታትን ተጻብኦታትን ሕጂውን ብስም ሰብኣዊ መሰላት ተጓልቢቡ ክግብር ዝህቐንን ዝጥጃእን ዘሎ ውዲታት ብሓያል መኸተና ከነፍሽሎ ምኻና እናረጋገጽና ነዚ ውሳኔ እዚ ብትሪ ንኹንን፡
3. መንግስትን ህዝብን ሓደ ኣካል ስለዝኾና ሕጂ ውን ከም ትማሊ ሓድነትና ኣትሪርና ኣብ ጎኒ መንግስትና ምህላውና ዳግም ነረጋግጽ፡
4. ጸላእትን ተጻባእትን ንዝካይድዎ ዘለው እኽይ ተግባራት ብምኻናን መኸተና ኣንጻር ኩሉ ዓይነት ተጻብኦታት ኣሕይልና ዳግማይ እዚ ተጻብኦዚ ብሓይሊ ቃልስና ስጡም ሓድነትናን ከነፍሽል ምኻና ነረጋግጽ፡

ኣብ መወዳእታ ሰንበት 07 ሓምለ ኣቶ ሓጎስ ገብሪሂወትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለን ንኩለን ኣብዚ ፈስቲቫልዚ ንዝተሳተፈ ናይ 15 ከተማታት ኢጣልያ ማሕበረ ኮማትን ኣብ ስእልን ቅብኣን ምርኢት ኢግዚቪሽን ኣብ ውድድር ሰነጽሑፍን ሓፈሻዊ ፍልጠትን ውድድር ስፖርታዊ ግጥማትን ንዝተዓወቱ ዜጋታትን ጋንታትን ብኣጠቓላሊ ንኩሎም ኣብዚ ፈስቲቫል

ኣበርክቶ ምስክር ተሳታፍነት ወረቐትን ታርጌታን ማዳልያን ንዕወታት ኩዕሶ እግሪ ድማ ዋንጫታት ዓዲሎም።

ኣብዚ ፌስቲቫል እዚ መሓዙት ኤርትራ ዝኾኑ ብርክት ዝበሉ ወጻእተኛታት ተሳቲፎም ናይ ዮሃናን ምሕዝነትን መልእኽቲ ድማ ኣቕሪቦም።

ዓርቢ 05 ሓምለ ብወግዒ ዝተኸፍተ ፌስቲቫል ሰንበት ዕለት 07 ሓምለ ብዓወትን ብውዕውዕ ሃገራዊ መንፈስን ተዛዚሙ፡፡ ካብ ኤርትራ ብዝመጸት ወናማት ድምጻውያንን ሙዚቀኛታትን ዝሓቖፈት ጉጅለ ባህሊ ዋልታ ንተሳተፍቲ ካብ ዓርቢ ክሳብ ሰንበት ንወኒን ሃገራውነትን ዘበራብር ንመኸተና ድማ ዝያድ ዝድርዕ ድሙቕን ዕሙርን ባህላዊ ጸወታ ኣካይዳ።

መድያን ዲፕሎማስን ኮሚቴ
ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ኢጣልያ
08 ሓምለ 2013

ዓወት ንሓፋሽ !!